# ኣካይዳና ምስቲ ንደልዮ ዝሰማማዕ ኮይኑ ንረኽቦ የለናን?

ብ ሚካኤል ኣጎስቲኖ / ጀርመን ቱቢንገን

7.06.2006

ድልየትና እኻ ብዙሕ እንተኾነ ሓደ ካብቲ ድልየታትና፡ ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ ታሪኽ እርትራ ናይ ሓባር ግንባር ኪዳን ፈጢርና፡ ታሓጉስና ሎሚ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ተፈቲሑ ኢልና ኣበሲርና፡ ኣጀኹም ንቂድሚት ህዝብናን ተቃወምቲ ዉድባቱን እንተ ተጠርኒፉን ተጠርኒፈንን ጸበባን ሽግርን ህዝብና ዘብቀዓሉ ድሮ ዓወቱ ምኻኑ ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ እዩ ።
እዚ መስርሕ መሰጋገሪ እዋን ስለ ዝኾነ ድማ ሓደ ናቱ ቅጫ ኣብሲሉ በይኑ ክበልዕ ምስ ዝደሊ ወይ ኣርሓ ኮይኑ ክስዉድ ምስዝደሊ ኣይፋሉን ዕላማ ህዝቢ ትስሕቱ ከም ዘለኹም ኣብ ግምት ክትእትዉዎ ኣለኩም ቢልና ለበዋና ኣታሓላሊፍና ። ድሕሪ ኣኸባ ካርቱም ምድምዳሙ ኻአ ሓጎስና ወሰን ኣይነበሮን።

እንተኾነ ኣካይዳና ምስቲ ንደልዮ ዝስማማዕ ኮይኑ ንረኽቦ የለናን፡ ገለ'ዉን ኣይተሰርሔን ማለትና ኣይኮነን፡ እንታይ ዳአ ትርግታ ህዝብኻ መዝሚዝካ ብታዓጻጻፍነት ጊዜ ወርቂ ምኻኑ ተረዲእና ኢደይ ኢድካ ኢልና ነዚ ቀንጻልን ሓራድን ስርዓት ኣልቦ ካብ ሱሩ ሚሒኻ ህዝቢ ኤርትራ ዝቀስነሉ መንገዲ ምንዳይ ዶአይኮነን፡? ነዚ ሙርኩስ ብምግባር ካአ ኪዳን ከምቲ ዝተደልየ ኣይሰጎመን፡ ማለት ኣባላት ናይ ኪዳን ዝኾና ዉድባት አይሓገዞኦን አይተሓባበሮኦን እዚ ኣብ ማዕልታዊ ጉዕዘና ንሪአ ዘለና ጉዳይ ኮይኑ ሓፍ ክብል ኣይካአለን በንጻሩ ገለዉድባት ኪዳን ኣይሰርሐን እናበላ ናብ ጉዳየን ማለት ውድባዊ ስርሓተን ከሳላስላ ይራአያ።

እዚ ጉዳይ ባሓቂ ክንምልከቶ እንተኾይና ካብ ዉድባት ተመሪጸም ዝወጹ መሪሕነት ኪዳን፡ ንበይኖም ኮይኖም ዝገብርዎ ነገር የብሎምን። በቲ ሓደ ወገን እንተኾነ'ዉን መሪሕነት ኪዳን ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ማለት ናብ መሰረታዉያን እቲ ዘሕለፎ ዉሳኔታት አይበጽሕን እሞ ጸገማቱ ክግለጽ ኣይክእልን እንታይ'ዩ ጸገሙ እዩ ንዝብል መልሲ ትስእነሉ። ካብዚ ነቂልካ ኻአ ሕመታን ዘይምርድዳእን ዘይምትእማንን የስዕብ። ስለ ዝኾነ ንዝተሰርሐ ከምዘይተሰርሐ፤ ንዘይተሰርሐ ከምዝተሰርሐ ምስኡ'ዉን ምዉንጃል፤ ምጽላማ፤ወዘተ… ዘኸትል ዘሎ።

ካብዚ ክንወጽእ ብተዳጋጋሚ ዝግለጽ ግን ብተግባር ዘሸግረና ዘሎ እዞም መሳሪሒታት ክንጥቀም ኣሎና ንሳቶም ካአ ናጻ ክትዓትን፤ ሰሚናራትን፤ ግሉጽነትን፤ ከነማዕብል ክንክእል ኣሎና፡ ነዚ ምስ ንገብር ኢና ኻአ እቲ ኩሉ ግዜ ንጭድረሉ ንህዝቢ ዝኾዉን ባይታ ከነቀምጥ ንኽእል።እዚ ማለት ብዘይ ህዝባዊ ተሳትፎ ንገብሮ ቃልሲ ናይ ኢሳያስ ስርዓት ምድጋም ስለ ዝኾነ ።

ካብዚ ተበጊሰ ርሑቅ ከይከድኩ ብዛዕባ ኣብ ከባቢና ማለት ኣብ ጀርመን ገለ ገለ ናይ ህዝቢ ምንቅስቃስ ክጠቅስ።እዚ ክብል ከለኹ ግን ንሓደ ክዕቢ ወይ ንሓደ ከቛናጽብ ዘይኮነስ ካብዚ ናይ 3-4 ዓመት ዝተረኽበ ዉረድ ደይብ፡
ካልእ ሩጡብ መንገዲ እንተሓዝና ዝብል ከም ዝኾነ ማንም ሰብ ክርዳአኒ እላቦ።

እቲ ኹሉ መሰረታዉያን ንገብሮ ቃልሲ እኮ ንህዝብና መስተርሆ እንተፈጠረሉ ብዝብል ተምኒትን ድልየትን ስለ ዝኾነ እዩ። እሞ እዚ ድልትና ከምቲ ንደልዮ ዝሳማማዕ ኮይኑ ዶ ንረኽቦ ኣለና?

ብ 2003 ዓም ድሕሪ ናይ ሰዉራዊ ባይቶ ምክፍፋል ምስ ተረኽበ ሐደ ክፋል ሽዑ መሰረታዉያን ዝጽዉዑ ዝነበሩ፡ ናይ ሕጂ ሃገራዊ ባይቶ፡፤ ሎሚ ፊስቲቫል ካስል ናይ ህዝቢ ጉዳያት ተላዒሉ ህዝቢ ወሳኒ ግደ ክህልዎ ባይታ ስለ ዘሎ ነፍስወከፍ ማሕበራትን ሙሁራትን ክካፈልዎ ዕድመ ተገብረ። በዚ መሰረት ብዝሒ ሰብ ኣብ ካስል ከም ዝተኻፈለ ርኢና፡ ኣብዚ ዕለት እዚ ብሓቂ ህዝቢ ብጉዳዩ ተማያይጡ እቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ዝነበረ ድማ ኣብዚ ዳስ ዘይተኻፈላ ዉድባት ስለ ዘለዋ ነዐአን ትጥርንፍ ሓንቲ ሽማግለ ክትወጽእ ዝብል ብህዝቢ ተላዕሉ ነዚ ድሕሪ ነዊሕ ክትዕ ኣብ መጨረሰረታ ርእሳ ዝኻኣለት ብምሕዝነት ዝተመዘዘት ሽማግለ ስለ ዘላ ረገጽና ክንከይድ ኣይንኽእልን ዝብል መልሲ ተዋህበ። በዚ ጉዳይ እቲ ናይ ህዝቢ ምልዓል ተጨዉዩ ተረፈ፡ ድሕሪ ኣኸባ ምዉዳእ ሽዑ ምሸት እቶም ኣብ መድረኽ ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ ፡ብዶክተር ሃብተ እትምራሕ ገለ ካብ ዉድብ ናጻ ዝነበሩ ከም ዶክትር ተስፈጽዮን፤ ኣቶ ቀለታ ኪዳነ፤ ኣቶ ግርማይ ከዳነ፤ (ወዲ ፍሊፖ) ወዘተ.. ዘለዉዋ ሓንቲ ሽማግለ ማኒፈስት ካስል ትብል ወጸት። ግርም፡ ኢልና ብመን ትመራሕ ብዘየገድስ ምእካብ እዩ ዘድሊ ተባሂሉ ከብቅዕ፡ ማኒፈስት ካስል ካአ ከምታ ናይ ምሕዝነት ዝተባህለት ሽማግለ ዳሃይ ዘይነበራ ሰጢማ ተረፈት።

ከም’ዉን ኣብ 2004 ኣብ ዓመቱ ማኒፈስት ካስል ኣይተዘርበሉን ። በንጻሩ ሓዲሽ 4+1 ዝብል ናይ ስምረት ብስራት ተበስረ፡ ኒዚ እዉን ገለ እንተተቓዎሙ መብዛሕቲኡ ግን ስምረት ዝብል ህዝቢ ኤርትራ ብሓቂ ስለ ሃረር ዝብሎን ዝብህጎን ስለ ዝኾነ፡ ኣጣቂዑን ፡ ደቢሉ ን፡ ሳዕሲዑን፡ ናይ ፊስቲቫል ካስል መዛዘሚ ኮነ። ድሕሪኡ ኣብ ሞንጎ ኣድሓኖምን ዓብደላ ኣደምን ዘይምስምመዕ ስለ ዝተራእየ፡ ን 4+1 ጥራይ ዘይኮነ ንኺዳን’ዉን ጸገም ኣስዓበላ። ቀጺሉ 2005 ከም ኣመላ ካስል ሓዲሽ ብስራት ሒዛ መጸት፡ካብ ሎሚ ንድሓር ካስል፡ናይ ኪዳን ምኻኑ ተበሰርና መፍትሕ ናይ ካስል ንኣቦወንወበር ኪዳን ኣሕመድ ከሊፋ ተዋህበ፡ ብዕልልታን ጣቂዒትን ካአ ተሰነየ፡ መርኣይ ናይ ሓድነት ካአ እቲ ብዝሒ ህዝቢ ምክፋሉ ምስከር ኮነ። 2006 ናይ ኪዳን ተሪፉ ናብቶም ዋናታታ ሃገራዊ ባይቶ ከም ተመልሰት ብ ሃገርዊ ባይቶ ፊስቲቫል ክግበር ምኻኑ ዝሕብር ኣብ ኢንተርነት ተዘርጊሑ ንሪኢና ኣሎና ።

እዚ ኹሉ ንድሕሪት ተመሊሰ መዛኽኽሪ ከመልክት ዘገደደኒ ካብዚ ተማሂርና ንዝመጽእ ብኸመይ ኢና እዚ ሓጎጽጎጽ ክንሰግሮ ኣብ ዝብል ከነተኩር ይግባአና ባሃላይ እየ። ሓንቲ ክትርድኣና ዘለዋ ዝሓየልና እንተሓየልና ብዘይ ናይ ሓባር ስራሕ ክንዕወት ከምዘይንክእል ክርድኣና ኣለዎ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ስለ ዝፈለጠ እዩ ስምረት ክብልዎ ከለዉ ኮቦሮን ዝሃርምን፡ እምብልታ ዝወቅዕን፡ ምኽንያቱ እታ ኣዝዩ ዝናፈቃን ዝደልያን ስምረት ስለ ዝኾነት ።

እንባአር ከምቲ ኣቦና ወልዳኣብ ወልደማሪያም ዝበልዎ፡“ ወይ ንርእሱ ነዛ ዘዉዲ እዚኣ ዝትንኪ“ ። ናይ ተቃወምቲ ዘዉዲ እምባአር ሎሚ ኪዳን ስለ ዝኮነ ነዛ ዘዉዲ ክንሕልዋን ክንእርማን ከነማዓራርያን ዘሎና ንሕና ተቓወምቲ ካብ ዝተሃ ሓተ ስጋዕ ዝላዓለ ጽፍሒ ዘለና ስለ ዝኾንና ተጠንቂቕና ንሓልዋ ታሪክ ከይከሰና።

ቀጺለ ብዛእባ ኣቶ ሕሩይ ተድላባይሩ ኣብቲቪ ዘተ(ሽወደን) ኣብ ዝሃቦ ቃለ መሕተት ዝሃቦ ብዛዕባ ኪዳን ዝምልከት ዘይጠቅምን ምንሻዉ ዝተሓዎሶን ኮይኑ ስለ ዝተረዳእኒ ጎስየ ከሓልፎ ኣይደለኹን፡ እሞ ኻአ ኣባል ባይቶ።

ይዝከረኒ ኣቶ ሕሩይ ተድላባይሩ ኣቦ ወቦ ወንበር ናይ ምሕዝነት ኣብ ዝነበርካሉ ንምሕዝነት ዝሓሸ ዘበለጸን ገርካ ኣብ ብዙሓት ሰሚናር ኣብ ዝገበርካሉ ትገልጽ ነርካ፡ ሎሚ ኪዳን ምስ ተተኽለ ካብ ምሕዝነት ብቡዙሕ ወገናቱ ከም ዝተማሓየሸ ይንገረሉ እዩ። እሞ ኣነ ጸገም ከም ዘለካ እዩ ተረዲኡኒ፡ ሓቂ እዩ ኣብ ኪዳን ዕቃበታት እንተ ሃልዩ ንምግላጹ ሕማቅ ኣይመስለንን፡ ንምሳሌ ካብቲ ሓደ ዝጠቀስካዮ፡ ሎሚ ኣብ መንግስቲ ምጭባጥ ኣይኮንናን ንዋዳደር ዘሎና።
አብ ዘለናዮ መድረኽ ትዕበ ትንኣስ ዉድብ ነቲ ስልጣን ብሓደ ክካፈሎኦ ምባልካ ኣነ'ዉን ኢ.ድግፎ፡ ዓባይ ዉድብ ንእሽቶ ዉድብ ዘይብሉ፡ ምኽንያቱ መሳጋገሪ መድረኽ ስለ ዝኾነ።

ብተወሳኺ ብዛዕባ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ደጋጊምካ ትገልጽ ነርካ፡ እሞ ህዝባዊ ምንቅስቃስ'ዉን ሓደ መፍቲሒ ተገርሉ ባሓባር ንምቓዓዝ እቲ ዝሓሸን ኣማራጺ መንገዲ እዩ። ተማሊ ምሕዝነት፤ ሎሚ ኪዳን፤ ጽባሕ ካልእ ክንብል መፍቶ እዚ ስርዓትን መፍቶ ካልኦት ጸላእትን ክንከዉን ኣይግባእን።

ከም'ዉን ኣቶ ሕሩይ ተድላ ባይሩ ኣብ ቃለ መሕተት ከም ዝበሎ ኪዳን ከይፈተዉ ብህዝቢ ድፊኢ.ት፡ ሃገራዊ ዋዕላ ክግበር ሓንቲ ኣሳናዳዊት ሽማግለ ወሲኖም ኣለዉ በለ፡ ግርም ንሕና ዘድልየና ህዝቢ ክካፈሎ እሞ ሪኢ.ቶ ክህበሉ ዶአይኮነን? ኣቶ ሕሩይ ተድላባይሩ እቲ ዘየድሊ ቃላት እንታይ ኣድለየ ንምሳሌ ታዓሪቅኩም ምጹ ማለት'ሲ ከመይ ገይሩ ተባኢ.ስኩም ምጹ የስምዕ ወዘተ..?
እዛ ሽማግለ እቲ ዝተዋሃበቶ ፈጺማ ኣብግብሪ ንምዉዓሉ ኢ.ና ክንጽዕር ዘሎና ብድሕሪኡ ናይ ህዝቢ ይኸዉን። ብረታዊ ቃልስና ህዝቢ ኢ.ዱ ስለ ዘይሓወሰሉ እዩ ዓመታት ዝወሰደ። ኣቶ ሕሩይ ተድላባይሩ ንኤርትራ እንታይ ትጽበየላ፡-? ሰላም፤ቅሳነት፤ ግዝኣትሕጊ ወዘተ… እሞ እዚ ካብ ኮነ ድኣ ኣነ ናይ ግድን ቦታ ዘይተዋህበኒ ዶ ይባሃል እዩ? ካብ ቃልካ ዝበልካዮ ኣብቲ ፈጻሚት ሽማግለ ቦታ የብለይን ኢ.ልካ፡ ናይ ግድን ድዩ ኣብዚ መሳጋገሪ መድረኽ ነፍስወከፍ ዉድብ ቦታ ክህልዋ? ቀደም አቦታትና ከምዚ ዕድመኹም ዝገበሩ ማዮም ዝሰተዩ ንነገራት ግርህ ኢ.ሎም ወይ ህዉኽ ኢ.ሎም አይሕዝዎን እዮም። ኣብ ገዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረሉ፡ ብዙሓት ኣቦታትና መራሕትኩም ዕድምኦም ክንደይ ይገብሩ ዝብል ይሓቱና ነበሩ፡ ትሕቲ ኣርባዓ ዝብል መልሲ ይዋሃቦም ነበረ'ሞ፡ ኣይ ንሱ እንድዩ ጸገምኩም፡ ዝብል መልሲ ይህቡ ነበሩ፡ ሓቂ እዩ ሎሚ ክሪኦ ከለኹ አነ፡ እዚ ዘይባሃል ገጋ ተገሩ እዩ። ሎሚ እቶም መራሕትና መብዛሕተኹም ካብ ሱሳ ንላዕሊ ስለ ዝኾንኩም ኣብ ስፍራ ኣቦታትና ኣለኹም፡ እሞ እዚ ቢሂል አቦታትና ደአ ናበይ ኣበለ ፡ ወይ ካብቲ ብረታዊ ቃልስና ዝመንጨወ ዶኾንይኸዉን? ባሓጺሩ ድንግርግር ኢ.ሉና ነገራቱ።

ፖለቲካዊ አራኣእያ ክባሃል ከሎ ሓላፍነት ናይ ህዝብን ሃገርን ብምሽካም ዳአ እንበር ሎሚ ኣብዚ ዘለናዮ ህሞት እሞ ካአ ህዝብና ኣብ ድቅድቅ ጸልማት ክንሱ ብዉልቃዊ ጉጅለዊ፤ ዉድባዊ ፈላሊኻ ንገለ ምድጋፍ ንገለ ከም ምንጻል ምስ ዝረ አ ሓላፍነትካ ምዝንጋዕ እዩ።

መስረት'ቲ ክትዕ ንዝሓለፉ ዉሳኔታት ግዚኡ ሓልዩ ዘተግብር ስጡር መሪሕነት የድልየና ኣሎ ። እዚ ክብል ከለኹ ግን ዓቢ ብሽበቱ፣ ንኡስ ብቃለበቱ፣ ደቅንስትዮና ብግርመአን ብሓንሳእ ንዉስነሉ መድረኽ ከነናዲ ኣሎና ጊዜ ከይበላዕና። ባይቶና ይስፋሕ ምኽሪ ይዕበ መፍቲሒ ሽግር ህዝብና እቲ መተካእታ ዘይብሉ እንኮ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

ዝኽሪ ንስዉኣትና!!!

ሰላምን ፍቅርን ንህዝብና!!!